**ብምኽንታይ ዕረፍቲ ሐርበኛ ጰጋይ**
**ገብረመድህን ናይ ሐዘን መግለጺ**




*ወየ ወደቦይ ገብረመድህን ከደ*
*ሃገራዊ ስምዒት ሐዲርዋ ከይተገደደ*
*ካብ ሱዳን ወሪዱ ንሜዳ*
*ካብ ኣስካርባ መሪጹ ሸዳ*
*ምስ ወተሃደራዊ ዕጥቁ*
*ምስቶም ንሰውራና ዘዕጠቑ..*

*ክንዲ ኑኡስ ዓቢ ኮይኑ ክብል ወየ*
*ስድራቤት ጰጋይ ወየ ተቐበሉ  ሃየ*
*ኣብ ጎልጎል ራህያ እንዳ ተጻወተ ዝዓበየ*
*ሐመድ ድበ ኣብ ቀጽሪ እንዳ ስላስየ*
*ደሐንኩን እንዳ በልኩ ክፋነውካ እየ..*

*ካብ ፈተውቱን መቕርቡን መልቀስ*
*ወደቦይ ገብረመድህን ቀሲኑ ክድቅስ*
*ክንስዕቦ እንበር መን ኣሎ ዝምለስ..*

*ሐለንጋይ ጰጋይ ነዊሕ ቁመቱ*
*ዓጢቑ ዘዕጠቐ ንመቃልስቱ*
*ጰጋይ ሕቡን ዩ ብኤረትራውነቱ*
*ጰጋይ ሳሐቕ እንበር ኩራ ዘይፈቱ*
*ሂወቱ እንበር ታርሪኹ ዶ ሞይቱ..*

*ንሜዳ ወሪዲ ንነጻነት ኤረትራ*
*ሐርበኛ ጰጋይ ወዲ ዓዲ ወገራ*
*ተቃሊሱ ጸረ መግዛእቲ ኣምሐራ..*

*ወደባይ ገብረመድህን ጰጋይ*

*ዓረፍካ ዶ ገዲም ተጋዳላይ*
*ዓዲ ወገራ ላዕላይ ታሕታይ*
*ኣያይ ኣቦይ በላ በዓል ሳንዳይ..*

*ሐርበኛ ጳጋይ ጥዑም ቃሉ*
*ጋምበለ ምስ ከላሽን ኣየ ከምሕረሉ*
*ዓድና ጋሻ ይመጽእ ኣሎ ተቐበሉ..*

*ተጋዳላይ ጳጋይ ዓስከር ሐርነት*
*ናይ ሱሳታት ተጋዳላይ ንነጻነት*
*ወዲ ኣከለጉዛይ ዝባውንቲ ዓረት..*

*ንነጻነት ንሐርነት ግዳም ዝሐደረ*
*ብዘይ ድልየቱ ዶብ ምስ ተባረረ*
*ኣብ ሃገር ሽወደን እንዳ ነበረ*
*ኣንጊሁ ናብ ስራሕ እንዳ ወፈረ*
*ብሐደጋ መኪና ካብ ስራሕ ዝቦኾረ..*

*ጳጋይ ውሕድ ዶ ተሰቒኻ*
*ኣሰር ኣያታትካ ካብ ሰዓብካ*
*ያኣክል ኢልካ ካብ ነቐልካ*
*መንግስተ ሰማይ የዋርስካ..*

*ንሐርበኛ ጳጋይ መንግስተ ሰማይ*
*ንስድራቤት ሩሑቕን ቀረባን ዘለኹም*
*ንህልዋት ጠሊ ይግደፈልኩም*
*ንብል ኣሎና  ጽንዓትን ይሃብኩም..*

*ብሽም ኩሉም ናይ ሐዘንኩም ተኻፈልቲ ፈተውቱን ኣብ ሩሕቕን ቀረባን ዘለዉ ደቂ ዓዲ ወገራን፡ ከም ኩሉም ጀጋኑና ጳጋይ ቀሺ ገብረመድህን ህያው ዩ ታሪኹ።*
*ገጣሚ በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን።*